# ዘረባ ሓው ጸጋይ ነጋሽ

## ህ.ግ.ደ.ፍ ደኣ ብሬሳ'ውን ጀጋኑ'ውን ዝብህርር'ድዩ !

ኣንታ ሓውን ብጻይን ጸጋይ ነጋሽ፡ ብሓቕኻ ዲኻ ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ኣልዓ ፟ልካ ክትዛረብ ? ብመሰረቱ ከም'ቲ ዝበልካዮ ሓቂ'ዩ። ደቂ ሃገር ኤርትራ ፖለቲካዊ ዝምባለታቶም ብዘየገድስ እቲ ናይ ዘለኣለም ዕረፍቶም ኣብ'ታ መዳሕንቶም ዝተቀብረትላ ዓዶምን ሃገሮምን ኤርትራ ክኸውነሎም ዘይምነ ሰብ የልቦን። እንተኾነ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ናይ ፖለቲካዊ መናገዲ ወሲድዎ፡ንደቂ ሃገር ከም ጸላእቲ ቆጺሩ ንደቂ'ባት፡ ካብ ዓለም ብሞት ተፈልዮም ፍቃድ ክሓቱ ገቢሩ።

እዚ ንጓኖት ክትዛረበሉ ዘሕፍር ጉዳይ'ዩ። እቶም ትዕልሎምን ትዛረቦን ጓኖ'ውን እተኾኑስ ኣይኣምኻ። ምኽንያቱ ህ.ግ.ደ.ፍ ከመይ ገቢሩ ብሬሳ ወይ ብዝሞተ ሰብ ይፈርሕ እዮም ዝብሉኻ።

ከም'ቲ ዝጠቐስካዮ መቁጸሪ ዘይብሎም፡ ብፍላይ ድሕሪ 1982 ዓ.ም ብዕፈና ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብ ሱዳን ሂወቶም ዝሰኣኑ ነባራት ተጋደልቲ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዞም ንክብሪ ሃገሮምን፡ ንመሰልን ፍትሕን ህዝቢ ኤርትራ ሂወቶም ሙሉእ ኣብ በረኻታት ከርተት ዝበሉ ጀጋኑ ባእታታት እታ ናይ መወዳእታ ዕረፍቲ ኣብ'ታ ዝምንይላን ዝፈትዉዋን ሃገር ክሳኻዓሎም ኣይከኣለን።

ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ እቲ መጸለምን መካፍእን ዝኾነ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዘመሓድር ዘሎ ህ.ግ.ደ.ፍ እዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ እንተበልናኺ በዚሑ እቶም ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዘለዉ መርሃቲ ከም በዓል ኢሰያስ ኣፈወርቅን ጀነራላትን እዮም።

እዚ ድማ እቲ ኣዝዩ ዝሕዝን ሰንኮፍ ኣተሓሳስባን ተግባራትን። መሲልዎም ደኣ'ምበር ጀጋኑናስ ኣብ'ታ ዝተቃለሱላ መሬት ንዘልኣልም ክዕርፉ ምኚኖም ርዱእ'ዩ።

ኣብ መሬት ዓዲ ጓና ሓመድ ኣዳም ምልባሶም ኣይኮነን፡ እቲ ዘገድስ ኣቡኡ ድዮም ክነብሩ እዩ። መልሱ ግን ኣይኮነን። ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ዝሰዓረሉ እዋን ባንዴራናን፡ ሬሳ ጀጋኑ ስውኣትና ኣምሪሕና'ና ንኣቱ።

ህ.ግ.ደ.ፍስ ይትረፍ ከም በዓል ስዩም፡ ወልደ ዳዊት፡ ስዒድ ሳልሕ፡ ብሂወቶም ሃልዮምስ ዋላ እቲ ሬስኦም እዩ ዘፍርሖም ዘሻቅሎምን። ምኽንያቱ ድሕሪ ኩሉ ባእታ ታሪኽ ንስለ ዘሎ ነቲ ታሪኽ ህ.ግ.ደ.ፋውያን ጠጠው ከብልዎ ኣይክእሉን እዮም።

ሓው ጸጋይ ነጋሽ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ታሪኽን መስዋእትን ንዝምልከት ኣስተውዒልካ ዶ ኣሎኻ ?

ብሓቂ ነዚ ነገር ከም ዘይትስሕቶን ብልብኻ ከም ትሓስበሉን፡ ከም ዝሕዝነካን እፈልጥ። ግን ብወገነይ ካብ ዝዕዘቦ ሕጽር ዝበለ ክዘንትወልካ።

ወልደዳዊት ተመስገን ብብድሕሪ'ቲ ዝወረዶ ሓደጋ ቅትለት ኣብ ከሰላ፡ ወላዲቱ ወይዘሮ ሸማይነሽ፡ ሬሳ ወደን ንዓዱ ወሲደን ንኽቀብርኦ ሓቲተን፡ ፈጺሙ ድማ ከም ዘይፍቀድ ተነጊርወን፡ ወይዘሮ ሸማይነሽ ወደን ኣብ ከሰላ ቀቢረን ክሳብ'ዚ እዋን ኣብ ከሰላ ባ ጥቃ መረፌ ወደን ይንብራ ከም ዘለዋ ሓበሬታ ኣሎኒ።

ብተመሳሳሊ'ውን ናይ ካልኦት ነባራትን ጀጋኑን መራሕትን ዝኾኑ ብጾትና ከም መልኣከ ተኽለ፡ ስዒድ ሳልሕ፡ ማሕሙድ ሓሰብ፡ ማሕሙድ ትሙሳሕ፡ ወዲ ጋርዛ ዝኣመሰሉ ኣብ ዓዲ ጓና ስነ ስርዓት ቀብሮም ተፈጺሙ። እዚኦም ብዘይካ'ቶም ናይ ቅትለት ፈተነ ዝተኻየደሎም ሎሚ ብሂወቶም ዘለዉ ተጋደልቲ ገዲፍካ'ዩ።

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ሓደ ከምኡ ኣብ ሽወደን ዝዓረፈ ተባዕ ተጋዳላይ ሓላፊ ክፍሊ ጸጥታ ኣብ ምምሕዳር ቁጽሪ 10 ማለት ኣከለጉደዛይ ዝነበረ ተጋዳላይ ማሕደረ ክብርኣብ ኣብ ሽወደን ዓ ሪፉ። ከም ብጾቱ ነታ ንመዋእሉ ዝተቃለሰላ ሃገር ተነፊጋቶ'ያ።

እዞም ሰባት'ዚኣቶም ይትረፍ ንኤርትራ ከምሓድርዋን፡ ክነግዱላን ክሓርሱላን፡ ነቲ ዘልኣለማዊ ዕረፍቲ ዘድልዮ ሬሳኦም'ውን ተሕሪምዎም። ኣብ መቃብሮም ድማ ክልተ ግዜ'ና ንነብዕ፡ ሓደ

ከም'ቲ ንቡር ናይ ደቂ ኣዳም ሞት፡ እቲ ካልኣይ ድማ ናይ ኤርትራዊ ሞት ሓመድ ዓዶም ዘፈሰሰሎም'ዩ።

ህ.ግ.ደ.ፍ ብሬሳ ጀጋኑ'ውን ይፈርሕ እዩ። መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ጀጋኑ ክለዓሉ ኣይደልዩን'ዮም። መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ክደሳብ ዘለዉ ነቲ ቃልሲ ንሳቶም ከም ዘካየድዎን ከም ዘሰላሰልዎን፡ ንሳቶም ከም ዘዋግኡን ከም ዘደፋፈሩን'ምበር፡ ካልእ ዋላ'ውን እቲ ዝተሰወአ ብትብዓት መራሕቱ'ምበር ብትብዓቱ ከም ዘይኮነ'ዮም ከዘንዉ ዝፍትኑ።

ቅድሚ ሕጂ ብጉዳይ መዓልቲ ነጻነት ባጽዕ 1990 ሓንቲ ጽሑፍ ንስርሒት ፈንቅል ብዝምልከት ጽሒፈ ከም ዝነበርኩ እዝከረኒ። እት6ኣ ጽሕፈቲ ንሕጂ ክረኽባ ያከኣልኩን፡ ግም ኣነ ርግጸኛ'የ ከም ዝጸሕፍክዋ።

እቲ ጽሑፍ ድማ ምስ'ዚ ሕጂ ዘልዕላካዮ ጉዳይ ዝዛመድ እዩ። ህ.ግ.ደ.ፍ ይትረፍ 'ዶ ንተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ ዝነበሩስ እሞ ከኣ መራሕቲ፡ ንተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝነበሩ'ውን ነቲ ዘርኣይዎ ጭቡጥን ርዱእን ክቡር መስዋእቲ፡ ክብሪ ከሊኦሞም እዮም።

ስርሒት ፈንቅል ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ'ቲ ሓደ ዝምክሕሉ ዥናት እዩ። ኣብ'ቲ ስርሒት ድማ ብዙሓት ተሰዊኦም፡ ይኹን'ምበር እቲ መስዋእቲ ዓይነት ዝነበሮን፡ ብሂወቶም እንከለዉ ከም ዝስዉኡ ድሮ ዝፈለጡ መራሕቲ ታንክታት ዝነበሩ ተጋደልቲ እዮም።

እዞም መራሕቲ ታንክታት ነቲ ክሕለፍ ዘይክእል ክሳዳዊ ዕርዲ ጸላኢ ታንክታት ሒዞም ክሓልፉ ንዝተቐበልዎ ትእዛዝ ይኹን፡ ዝወሰድዎ ስጉምቲ ብሂወቶም ክተርፉ ከም ዘይክእሉ ይፈልጡ ነበሩ። ግን ንነጻነት ህዝቦምን ታሪኾምነ ነቲ ስጉምቲ ወሲዶም፡ ንሰራዊቶም ድሕነት፡ ንነጻነት ስጉምቲ ንቅድሚት፡ ንጸላኢ ድማ ስዕረት ኣመስኪሮም።

እቲ ሕቶ ድማ እንሆ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ክንዲ ምስልን፡ ሓወልት፡ እቶም ጀጋኑ ምትካል፡ ነተን ንህዝቢ ኤርትራን ቃልሱን ንምጥፋእ ካብ ሶቭየት ዝተሸኣመታ ታንክታት ደርጊ፡ ኣብ መእተዊ ወደብ ባጽዕ ብኽንደይ ማዕርግን ሽልማትን ሓወልቲ ተኺሉለን ይርከብ።

እቶም ሂወቶም ዝሰኣኑ ድማ ከም ካልኣይ ደረጃ በተን ታንክታት ናይ ሶቭየት ደሓር ናይ ደርጊ ዝነበራ ይጽውዑ ኣለዉ።
ኣነ ርግጸኛ'የ፡ ኤርትራ ደሞክራሲ መንግስቲ ኣብ ዝትከለሉ፡ ኩሉ ሕግን ስርዓትን፡ታሪኽን ኣብ ቦትኡ ከም ዝምለስ።

ሎሚ ድማ ሓውናን ብጻይናን ስዩም ዑቕባሚካኤል ኣብ ዓዲ ጓና ሓመድ ኣዳም ክለብስ፡ ይትረፍ ንኤርትራውስ፡ ንጓና ‘ኺ ዘሕኸክ እዩ። ግን ሎሚ ዓለም ንባህሪያት ስርዓት ኤርትራ ኣጸቢቑ ንስለ ዝፈልጥ ጉዳይ ሞት ስዩምን ከም'ቲ ዝግብኣኦን ዝድለየሉን ኣገባብ፡ ኣብ ዕሙት ስርዓት ዘይኮነስ ኣብ ሓደ ግሉጽ ስርዓት ዘለዎ ምምሕዳር ስነ ስርዓት ቀብሩ ከም ዝፍጸም ርዱእ'ዩ።

በዚ ሎሚ ስዩም እንተዝሕተት፡ ንምእንቲ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓደይ ኣይትቅበሩኒ ምስ በለ፡ ምኽንያቱ፡ ህ.ግ.ደ.ፍ ንህዝቢ ከትይቀብሩ ክብል ንስለ ዝኽእል፡ ንስለ ዘየፍቕስ፡ ብዜና ከቃልሕ ንስለ ዘይመረጽ፡ መስርሕ ቃልሲ ንስለ ዝዓብስን ዝደፍንን፡ ስዩም ከምኡ ኣይምስመረጸን።

ዊዒሉ ሓዲሩ ግን ክቡር  ሬሳ( ዓጽሚ) ሓውናን ብጻይናን ስዩምን፡ ከምኡ ቅድሚኡ ዝተሰውኡ ብጾትና ኣምሪሕናዮ ዓዲ ከም ንኣቱ ፍሉጥ'ዩ።

ሎሚ ዘርሓና ዘሎ፡ ኣብ ስደት ዘሎ ተጋዳላይ ኣብ ስደቱ ሞይቱ ፡ ኣብ ስደቱ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዓዲ ንዘለዉ ጸረ መንግስታት'ውን ሬሳታቶም ንካልኦት ሃገራት ቅበሩለይ እንዳበለ ብኣዋጅ ሬሳ ሃገራውያን ካብ ዓዲ ክየውጽእን፡ ንመንግስቲ ዝተቃወሙ ኣብ መሬት ዓዶም ኘኸይቕበሩ ከይኽልክልን'ዩ ።

ፍርዲ ህ.ግ.ደ.ፍ እውን ናብኡ ገጹ ዘዘንብል ዘሎ፡ ዘይፍትሃውን ዘይፍርዳውን ማሕይሩ ኣማኢት ፖለቲካውያን እሱራት ዝሕብሮ እዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና

**25 ታሕሳስ 2005**
**ኣንቶንዮ ተስፋይ**